ሓንቲ ጓለንስተይቲ ንሕቶ ጾታዊ ርክብ ንምፍጻም ፍቓደኛ እንተዘይኰይና፥ ውሳኔኣ ክኽብር ኣለዎ እምበር ብሓይሊ ምግሳስ ኣይፍቀድን እዩ። እዚ ሕጊ'ዚ፥ ወላ ንሰብ ሓዳርን ሓዳር-ዘይብሎም ተጻመድትን እውን ዝምልከት እዩ ።

ብሓፈሻ፥ ብዛዕባ መሰል ምሕላውን ምጥሓስን ንዝምልከት ጉዳያት መንግስታዊ ቤት-ፍርዲ ጥራይ እዩ ዝውስን።

## ትምህርቲ

ኣብዚ ሃገር መፍትሕ ዓወት ቋንቋ ምምላኽ እዩ። ምምሃር ቋንቋ ጀርመን ንባህልና ብጥልቀት ንምፍላጥ እውን ኣገዳሲ እዩ።



ንደቅኹም ኣብ መዋእለ ህጻናት ይኹን ኣብ ቤት ትምህርትን ላዕላዋይ ደረጃ ትምህርትን ዝያዳ ነፊያም ኣብ ዳሕራይ እዋን ሞያ ከጥርዩን ዝሓሸ ዕድላት ኣብ ምርካብ ዕውታት ክኾኑን ሓገዝኩም ክፍለዮም የብሉን።

ኩሎም ቆልዑ ትምህርቲ ክመሃሩ መሰሎምን ግዴታን እዩ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ድማ ኣብ ስፖርታዊ ትምህርትን ምሕንባስን ክሳተፉ ኣለዎም።

## መደምደምታ

ብኽብረትኩም ኣብ ሃገረ ጀርመን ግብራዊ ዝኾነ ስርዓትን ሕግን ተኸተሉ። ኣብ ሃምቡርግ ጽቡቕ ምጅማር ክኾነልኩም ንምነየልኩም!

## ተወሳኺ ሓበሬታ

ንመንበሪ ገዛኹም ንዝምልከት፥ ናብቲ ኣብቲ ቦታ ዝርከብ ሰራሕተኛ ክትውከሱ ትኽእሉ።

ንመስርሕ ሕቶ ዑቕባን፥ መንበሪ ፍቓድ ኣብ ሃገረ ጀርመንን ንዝምልከት ሓበሬታ ኣብዚ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ድረገጽ ብነጻ ክትውከሱ ትኽእሉ፤ www.ankommenapp.de

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ኩነታት መነባብሮ ሃገረ ጀርመን፥ ብዝተፈላለየ ቋንቋ ንኽትረኽቡ በዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ድረገጽ ተወከሱ፤ www.refugeeguide.de

„ጕነጽ ኣንጻር ደቀንስትዮ“ ንዝምልከት ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ተጠቒሱ ዘሎ ተሌፎን 365 መዓልታት ኣብ ዓመትን 24 ሰዓት ኣብ መዓልትን ክትረኽቡ ትኽእሉ፥
08000 116 016

**ንሓደጋ ዝምልከት ቍጽሪ ተሌፎናት**

ፖሊስ፥ 110

መጥፋእቲ ሓዊ /ኣምቡላንስ፥ 112

እዚ ሓበሬታ ኣብ መጋቢት 2016 ተዳለወ።

www.hamburg.de/fluechtlinge




# ናብ ሃምቡርግ እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም

Behörde für Inneres und Sport
Einwohner-Zentralamt
Amsinckstraße 28
20097 Hamburg
Telefon 040 4 28 28-0
www.hamburg.de/eza

Landeszentrale für
politische Bildung
Dammtorstraße 14
20354 Hamburg
Telefon 040 4 28 23-48 08
www.hamburg.de/
politischebildung

ሃምቡርግ ልዕሊ 1.7 ሚሊዮን ህዝቢ ተቀማጦ ኣለውዋ። ኣብ ጀርመን ብዕቤታ ካልኣይ ደረጃ ዝሓዘት ከተማ እያ። ብመንገዲ ፈለግ ኤልበ (Elbe) ኣቢላ ምስ ሰሜናዊ ባሕሪ ቀጥታዊ ርክብ ስለዘለዋ „ናይ ዓለም ኣፍደገ“ ተባሂላ እውን ትፍለጥ እያ። ኣብዚ ምስ መጻእኹም ምእንቲ ከይጽግመኩም ብምባል ብመንገዲ እዚ ጽሑፍ'ዚ መባእታዊ ሓበሬታ ክትረኽቡ፥ እሞ ብዛዕባ ሓባራዊ መነባብሮና ከመይ ከምዝኾነ ዝያዳ ኣፍልጦ ንኽህልወኩም ተባሂሉ ዝተዳለወ ጽሑፍ እዩ።

Hamburg | Behörde für Inneres und Sport

Landeszentrale für politische Bildung Hamburg

Tigrinya

Hamburg

# ናብ ሃምቡርግ እንቋዕ ብደሓን መጻእኹም

## ብዛዕባ መስርሕ ናይ ዑቕባ ሕቶኹም ኣብ ጀርመን




ኣብ ሃምቡርግ ዑቕባ ክትሓቱ ምስ እትደልዩ፤ እቲ መስርሕ ዑቕባ ብፈደራላዊ ቤት ጽሕፈት ኢሚግረሽንን ስደተኛታትን (Bundesamt für Migration und Flüchtlinge) ይካየድ። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ድማ ምትሕብባርኩም ኣገዳሲ እዩ። ሽምኩምን ቦታ ልደትኩምን ክትሕብሩ የድሊ። ኣብዚ ድማ ሓደ ስእሊ ክትሰኣሉን ናይ ኣጻብዕትኹም ዓሸራን ክውሰድ እዩ። እንተኾነ፡ ብሰሪ ብዝሒ ሓተትቲ ዑቕባ፡ እዚመስርሕ እዚ ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል። ግና ተረሲዑ ዝተርፍ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባ የለን!

ክሳብ መስርሕ ሕቶ ዑቕባኹም ዝውዳእ፡ መንግስቲ መንበሪ ቦታ ክህበኩም እዩ። ኣብኡ ድማ ክትጸንሑን ብዛዕባ እቲ ክትነብሩሉ ዝተመደብኩምሉ ኣከባቢ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ክወሃበኩም እዩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ሰባት ብብዝሒ ናብ ሃምቡርግ ይመጹ ስለዘለዉ፡ ኣብ ሓደ ክፍሊ ምስ ካልኦት ሰባት ንክትነብሩ ክትምደቡ ኢኹም።

ብሰላም ንምንባር ምስቲ ምስኻ ዝነብርን ጐረባብትኻን ተኸባቢርካ ብስምምዕ ክትነብር ኣለካ። (ንኣብነት ምሸት ወይ ብለይቲ ድምጺ ዓው ዘይምባል ወዘተ)።

ዝሓተትኩሞ ዑቕባ ተቐባልነት ምስዝረክብ ኣብ ዓዲ ጀርመን ምንባር ይፍቀደልኩም። ከምኡ'ውን ገዛን ስራሕን ክትደልዩ ትኽእሉ።

ዝሓተትኩሞ ዑቕባ እንተ ተነጺጉ፣ ንኣብነት ብምኽንያት ክትሰደዱ ከለኹም ኣብ ዕቑብ ወይ ውሑስ ሃገር ኔርኩም እንተኾንኩም፣ ካብ ጀርመን ናይ ግድን ክትወጹ ኣለኩም።

## ቅዋማዊ መንግስቲ

ሃገረ ጀርመን ደሞክራስያዊትን ቅዋማዊትን ሃገር እያ። እዚ ማለት ድማ፡ ኩሎም ዜጋታት እዛ ሃገር ማዕረ መሰልን ግቡእን ኣለዎም። ኩሉ ነገራት ኣብ ሃገራዊ ሕጊ ዝተመርኰሰ እዩ። ሕጊ ድማ ካብ ሃይማኖታዊ ስርዓታት ንላዕሊ እዩ።

ስርዓተ ሕጊ ሃገረ ጀርመን መሰረታዊ ሕጊ (Grundgesetz) እዩ ዝበሃል። እታ ቀንዲ ዓንቀጽ ናይ'ዚ ሕጊ እዚ፡ „ክብሪ ወዲ ሰብ ብፍጹም ኣይድፈርን እዩ" እያ ትብል። ዝኾነ ሰብ ብሰሪ፤

- ካልእ ጾታ ስለዝኾነ፣
- ሃይማኖቱ ካልእ ስለዝኾነ፣
- ሕብሪ ቆርበቱ ካልእ ለዝኾነ፣
- ካልእ ጾታዊ ኣንፈት ወይ ልማድ ስለዘለዎ፣ ክንጸል፣ ክጽረፍ ወይ ክህረም ብፍጹም ኣይፍቀድን።

## ማዕርነት



ኣብ ሃገረ ጀርመን፡ ደቀንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ማዕረ መሰል ኣለዎም።

ኣብ ሃገረ ጀርመን፡ ደቀንስትዮ ኣብ ኩሉ ዓይነት ሞያታት ተዋፊረን ይርከባ (ንኣብነት፡ ከም ፖሊስ፣ ዳኛ፣ ኣመሓዳሪት መንበሪ ኣባይቲ ወይ'ውን ወተሃደር)። ስለ'ዚ ደቀንስትዮ ንደቂ ተባዕትዮ ሓበሬታ ክህባን ክመርሓን ይኽእላ እየን። ደቀንስትዮ ንዕአን ዝኸውን መጻምድቲ ክመርጻን፣ ክምርዓዋን ከይምርዓዋን፣ ቆልዓ ክወልዳን ከይወልዳን፣ ካብ መጻምድተን ክፋትሓን ናይ ገዛእ ርእሰን ውሳኔ እዩ። ልክዕ ከም ደቂ ተባዕትዮ፡ ደቀንስትዮ ዝደለይኦ ዓይነት ክዳን ክኽደና መሰል ኣለወን።



ኣብ ሃገርና ደቂ ተባዕትዮን ደቀንስትዮን ሰላምታ ናይ ኢድ እዮም ዝለዋወጡ። ዝኾነ ጾታዊ ርክብ ዘይብሎም ክነሶም ከም መሓዙት ወይ ኣዕሩኽ ክኾኑ ይኽእሉ።

ኣብ ሃገረ ጀርመን ሓደ ዓይነት ጾታ ዘለዎም ሰባት ከም መጻምድቲ ኰይኖም ክነብሩ ፍቑድ እዩ።

## ሃይማኖት

ሃይማኖት ፍጹም ውልቃዊ ጉዳይ እዩ። ነፍሲ-ወከፍ ሰብ ናበየናይ ኣምላኽ ከምልኽ ከምዘለዎ ምውሳን ናቱ ናይ ውልቁ ውሳኔ እዩ።

ሃይማኖታዊ ናጽነት፡ ብዙሕነት ሃይማኖትን ሃይማኖታዊ ማሕበራትን ይኹን ምስ ምንም ሃይማኖት ዘይብሎም ሰባት ብሓባርን ብሰላምን ምንባር መለለዪ ሕብረተሰብና እዩ።



ሃይማኖታዊ ናጽነት ማለት ድማ፡ ዝኾነ ሰብ ሃይማኖቱ ሓዲጉ ናብ ካልእ ሃይማኖት ክጽንበር ካልእ ሃይማኖት ክቕበልን መሰል ኣለዎ ማለት'ዩ።

ኣብ ሃምቡርግ፡ ብዙሓት ሰባት ካብ ዝተፈላለየ መበቆል ዝመጹን ዝተፈላለየ ሃይማኖት ዘለዎምን እዮም። ኩሎም ድማ ብፍቕሪ ሓቢሮም ይነብሩ።

## ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት

ኣብ ሃገረ ጀርመን፡ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ናጽነት ብሰፊሑ ሕሉው እዩ። ዝኾነ ሰብ፡ ክሳብ ንካልኦት ሰባት ዘይጸረፈን ዘይነጸለን፡ ሓሳቡ ነጻ ኰይኑ ክገልጽ መሰል ኣለዎ። ብርግጽ ድማ ንሃይማኖታዊ እምነታትን ንመንግስትን ነቐፌታ ምቕራብ ፍቑድ እዩ።




## ጐነጽ ኣይፍቀድን

ዝኾነ ይኹን ጐነጽ ወይ ባእሲ ክልኩል እዩ! ፖሊስ ድሕነት ናይ ህዝቢ ይሕሉ። ኣባኹም ይኹን ኣብ ኣባል ስድራቤትኩም ሓደገኛ ኩነታት ምስ ዘጋጥመኩም፡ ናብ ፖሊስ ደውሉ! ፖሊስ ሓገዝትን፡ ኣካላት ህዝብን ማለት እዮም!

ኣብ ሃገረ ጀርመን ቆልዑ ድሕነቶም ብፍሉይ ኣገባብ ይሕሎ። ኣብ ልዕሊ ኣባላት ስድራቤት፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ልዕሊ ቆልዑ ዝፍጸም ጐነጽ ብከቢድ የቕጽዕ። ጐነጽ ኣብ ልዕሊ ደቀንስትዮ፡ ከቢድ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰል ስለዝኾነ የቕጽዕ እዩ።